ሃገራዊ ደምዳሚ-ፈተና (sfi)

ሰላም!

ኣብዚ ቀረባ ጊዜ፤ ናይቲ ኣብ ኮሙናዊ ናይ በጽሕታት ቤትትምርቲ ትመሃሮ ዘሎኻ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታት (sfi)፤ ሓደ ካብቲ ብዙሕ ደምዳሚ-ፈናታት ክትገብር ኢኻ። እቲ ዕላማ ናይ'ዚ ፈተናታት ድማ፤ ነቲ ኣብዘን ክፋል ትምህርትታት እዚኣን ክትበጽሑ ዝተመደበልካ ናይ ደረጃ መዓቀኒታት፤ ክሳዕ ክንደይ ከም ዝተዓወትካሉ፤ ነቲ መምህር ገምጋም ንኽገብር ከኽእሎ ብማለት እዩ። እቲ ዝግበር ፈተናታት ብተወሳኺ፤ ነቲ ናይ ኩሎም ተመሃሮ ፍልጠት፤ ብማዕርነት ንኽትግምግሞ ንኽሕግዝ'ውን ጠቕሜታ ስለ ዘለዎ እዩ።

እቲ መሰረት ናይቲ ፈተናታት፤ ኣብ ኣቀራርብኡ ይኹን ኣብ ኣገማግምኡ፤ ምስቲ ኣብ ኮሙናዊ ናይ በጽሕታት ቤትትምርቲ ትመሃሮ ዘሎኻ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታት (sfi) ናይ ትምህርቲ መደብ ዝተተሓሓዘ እዩ። ነፍሲ-ወከፍ ተመሃራይ፤ ካብቲ ዘለዎ ፍልጠታት፤ ክሳዕ ዝኣኽሎ ከመስክረሉ ዚኽእል ዕድል ክወሃቦ እዩ።ኣብ ሓንቲ ፍልይቲ ፈተና፤ ኩሉ ክትምርመረሉ ከም ዘይትኽእል ፍሉጥ'ዩ። ስለዚ እቲ ሃገራዊ ፈተና፤ ሓደ ክፋል ናይቲ ጠቕላላ ገምጋም ኰይኑ፤ ከም መንጸፍ ናይቲ ደምዳሚ ነጥብኻ ኣብቲ ዝወስድካዮ "ኮርስ" ክኸውን እዩ። እዚ ሃገራዊ ፈተና'ዚ፤ ኣብቲ ናትካ ነጥቢ ምግምጋም፤ ሓደ ኣገዳሲ ክፋል ክኸውን እዩ። ይኹንእምበር እቲ መምህር ክግምግም ከሎ፤ ነቲ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓይነት ትምህርቲ ዘሎካ ፍልጠታት፤ ብምልኣት ብድሕሪ ምዕዛብ እዩ።

እዚ ናይ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታት (sfi) ከመይ ክመስል'ዩ?

እቲ ዋና ትሕዝቶ ናይ ፈተና፤ ከተንብብን ክትርዳእን ምኽኣል፤ ክትዛረብ፤ መደረ ክርድኣካን፤ ብዛዕባ ነንበይኑ ምስ መዓልታዊ ጉዳያትን ምስ ስራሕን ማሕበራዊ ህይወትን ዝተኣሳሰሩ ኣርእስትታት ክትጽሕፍ ምኽኣልን እዩ።

ነቲ ፈተና ንኽትውድኦ ካብ 4 ክሳብ 5 ሰዓታት ኣቢሉ ዝወስድ

እዩ። እቲ ፈተናታት ኣብ ነንበይኑ ክፋላት ዝተመቓቐለ እዩ።

- እቲ ኣንቢብካ ናይ ምርዳእ ክፋል፤ ክልተ ማዕረ ምቃላት ዝሓዘ እዩ። እቲ ሓበሬታታት ብሓጸርቲን፤ ቅሩብ ንውሕ ዝበለ ጽሑፍን ዝቐመ እዩ።
- እቲ ሰሚዕካ ናይ ምርዳእ ክፋል፤ ብሓደ ንkurs C ከምኡውን ንD ዚምልከት ፈተና ዘሎዎ እዩ። ክልተ ካልኦት ጽሕፋት ድማ ንkurs B ዝምልከት ሕቶታት ዘሎወን እየን። እቲ ናይ ፈተና ሕቶታት፤ ብዝተቐድሐ ቃለ-መሕትት፡ ዝርርብ፡ ወይ ዜናታት ዝቐመ እዩ።
- እቲ ናይ ጽሑፍ ክፋል፤ ናይ ምጽሓፍ ዓቕምኻ ዝፍትን መርመራ፤ ብጽሑፍ እተቐርቦ ፩ ንናይ kurs B ከምኡውን ናይ kurs C ዚምልከት ጽሑፍ'ዩ። ንkurs D ዚምልከት ድማ፤ 2 ብጽሑፍ እተቐርቦ ናይ ጽሑፋት መልሲታት እዩ።
- እቲ ናይ ዝርርብ ክፋል፤ ናይ ምዝራብ ዓቕምኻ ዝፍትን መርመራ፤ ፩ ሕቶ ንናይ kurs B ከምኡውን ፩ ሕቶን ካልእ ጽምዲ ሕቶታትን፤ ንናይ kurs Cን ናይ kurs Dን ክህልዎ እዩ።

ሓበሬታ ብዛዕባ ኣገባብ ኣተገባብራ ናይቲ ፈተና፤ መዓስ እቲ ፈተና ከም እትገብር፤ እቲ ፈተና ብኽመይ ከም ዚግምገም፤ ካብቲ መምህርካ ሓበሬታ ክወሃበካ እዩ። ናይቲ ፈተና ናይ ነጥቢታት ኣወሃህባ፤ ካብ A-E ደረጃታት ዘሎዎ ኰይኑ፤ ከምኡውን እቲ F ዚብል ነጥቢ፤ ተሪፉ ዚብል ደረጃ ነጥቢ ዚገልጽ እዩ።

ከም ተመሃራይ መጠን፤ እቲ ዝገበርካዮ ፈተና ክትርእዮን፤ ብኽመይ ከም ዝተገምገመን ክትፈለጥ ትኽእል ኢኻ። ኣብቲ ናይ ተመሃሮ ናይ ፈተና ውጽኢት ምክትታል ግን፤ እቲ ነጥብታት ናይ ተመሃሮ ንደገ ንኽይወጽእ፤ እቲ መምህር ክጥንቀቕ ኣገዳሲ ነገር እዩ። እቲ ፈተና ኣብቲ ናይ ነጥቢ መዐቀኒ መሰረት ብምግባር እዩ ነጥቢ ዝወሃበሉ፡ ሓሊፍካ ወይ ጉድሽንት (G)፡ ተሪፍካ ወይ ኢከ ጉድሽንት (IG)።

ናይዚ ፈተና ብዓል ሓላፍነት መን'ዩ

ቤትስልጣን ኣብያተትምህርቲ፤ ናይ ኩሉ ዚግበር ሃገራዊ ፈተናታት ሓላፍነት ዘሎዎ ንሱ እዩ። እቲ ምድላውን ኣቀዋውማን ናይቲ ፈተናታት፤ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ስቶክሆልም ዚርከብ፤ "Institutionen för ämnesdidaktik"

ብዝተባህለ ትካል፤ ምስ ቤትስልጣን ኣብየተትምህርቲ ብምትሕግጋዝ ዝተሰርሐ እዩ። እቲ ትሕዝቶ ናይቲ ፈተናታት፤ ኣቐዲሙ ኣብ ነንበይነን ኣብያተትምህርቲ፤ ኣብ ምሉእ ሃገር ሽወደን ተጸኒዑ እዩ። እዚ ፈተና ኣብ ኢድካ ቅድሚ ምብጽሑ ውን፤ ኣብቲ ትሕዝቶኡ ካብ ተመሃሮን ካብ መምህራንን ዝቐረበ ርእይቶታት ተዋሂብዎ፤ ተኽሊሱን ብዕምቆት ተዘትዩሉን ዝተዳለወ እዩ። እቲ ፈተና ጽቡቕ ኩይኑ ክትረኽቦን፤ ነቲ ዘሎካ ፍልጠት ክተመሳኽረሉ እትኽእል ዕድል ውን ክፈጥረልካን ዘሎና ተስፋ ዓቢ እዩ።

ኣብ ቤትስልጣን ኣብያተትምህርቲ ናይ ርክብ ሓለፍቲ

www.skolverket.se/kontakt